# ባይቶ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ይኣክል ንምልኪ, ዓባይ--ብርጣንያ

ባይቶ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ይኣክል ንምልኪ, ዓባይ--ብርጣንያ ነቲ ብዕለት 26/11/2019 ኣብ ልዕሊ ሓርበኛ ተቓላሳይ ኣማኑኤል እያሱ፡ መስራትን ኣካያድን ቴለቪጅን ኣሰና፡ ብዕሱባት ግብረሽበራዊ ስርዓት ህግደፍ እቋቑሖ በጽቢጾም ኣብ ኣካላቱ ንምኽዓው ኣብ ለንደን ዝገበሩዎ ፋሹል ፈተነ ንኹንን። ነዚ ዓይነት ጽዩፍ ፈተነ ክገብሩ ዝደፋኦም ውጺት ናይቲ ንዓመታት ብረድዮ ኣሰና ሕጂ ድማ ብቴለቭጅን ኣሰና ነቲ ሰይጣናዊ ግብርታቱ ኣብ ምቅላዕ ኮነ ነቲ ኤርትራዋያን ዜጋታት ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ኮነ ኣብ ወጻኢ ንኣጽናትን ከፋፊልን ዓፉንን ዉልቀምላካዊ ኣተሓሳቡኡን ትካላቱን ካብ ሱሩ ንምምሓው ተወዲቦም ኮነ ብህዝባዊ ማዕበል ንዝገብሩዎ ቃልሲ ኣብ እዝነ አቶም ድምጾም ተዓፊኖም ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ ዘለዉ ዜጋታት በጺሑ ምልዓዓላት ክገብር ስለዝኸኣለ እዩ። ስርዓት ህግደፍ ንዓመታት ንህዝቢ ኤርትራ ብመንገዲ እታ ሓሶት ኣተፍሪ ናይ ጸለመ ጉጅለ ናብ ህዝቢ እዝትርግሕ ብባዶ 3 እትፍለጥ ዘይወግዓዊት ቓነልን በታ ማሓዝኣ ዝኾነት ቲቢ ኤረን ኣቢሉ ከደናግረና ከምዝጸንሐ ንኹሉ ኤርትራዊ ከም ጻሓይ ቀትሪ በጥዕጣዕ ኢሉሉ ኣብዞሎ እዋን እዩ እመበኣር ህዝብና ሓቀኛ ሓበሬታ ንኽይረክብ ዓቅሊ ጽበታዊ ፈተነታት ዝገብር ዘሎ። በዚ ኣጋጣሚ ባይቶ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ይኣክል ንምልኪ ዓባይ ብርጣንያ ንኹለን ናብ ውሽጢ ኤርትራ ዝኣትዋ ከም ቴለቪጇን ኣሰና ኤሪሳት፣ ራድዮ ኤረና ወዘተ ኮነ ነቶም ብመንገዲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከም ፈይስቡክ፡ ዮቱብ፡ ቲውተር፡ ተለግራም፡ ፓልቶክ ካልእን ተጠቂምኩም ህዝቢ ኣብ ምንቅቓሕን ምውዳብን ሓበሬታ ምልውዋጥን ብውልቂ ኮነ ብጥርኑፍ ንእትነጥፉ ዜጋታትና ብዝተዓጻጸፈ ክትቅጽልዎ ንላቦ።

እዚ ኣብ እማኑኤል ተፈጺሙ ዘሎ ብኹሉ ዓቕምናን ክእለትናን ንዕላማን ሃቐነንን ክንምከቶ ምኻንና ንሕብር። ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ተቓላሳይ ዝግበር መጥቃዕቲ ኣብ ኩልና፡ከምዝበጽሐ ጌርና ከምንሓስቦን ኩሉ ዝካኣለና ነብሰ ምክልላል ከምንገብርን ነፍልጥ!

ዓወት ንውጹዕ ሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ!

ውድቀት ንፋሺሽታዊ ስርዓት ህግደፍ!

ባይቶ ህዝባዊ ምንቅስቃስ ይኣክል ንምልኪ, ዓባይ-ብርጣንያ

ፈጻሚት ኣካል

ክፍሊ ህዝባዊ ጉዳያት

01 ታሕሳስ 2019